# ንምዕጣቕ ምስራሕ
# ሕቶን መልስን (ተነጽሎ)

1. ተነጽሎ እንታይ ኢዩ፧
   ብመበቆላዊ ኣገላልጻ፣ ንሰባት ካብ ካልኦት ዝፈልዮም ምልክት ኢዩ። ብምኽንያት እዚ ድማ ሰባት ካብ ካልኦት ይንጸሉ። ምስ እዚ ምንጻል ዝዛመድ ርኡይ ባህርያት ድማ ኣድልዎ ይብሃል።

2. ተነጽሎን ብከመይ ምስ  ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ይዛመድ፧

   ተሰከምቲ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ኰይኖም ዝነበሩ ሰባት መብዛሕትኡ ግዜ ብኣሉታ ዝጥመቱን ብሓፈሽኡ ካብ ሕብረተ ሰብ ዝተነጸሉን ምኺኖም ይግንዘቡ። ኣብዚ መዳይ እዚ ዝኸሰት ኣድልዎ ብዝተፈላለየ መንገድታት ኢዩ። ንምጥቃስ ዝኣክል፣ ኣብ ስራሕ፡ ሕክምናዊ ክንክን ወይ ሽለል ብምባልን ምርሳዕን። ተሰከምቲ እዚ ቫይረስ ይኹኑ ኣይኹኑ፣ ወለዶም ተሰከምቲ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ኰይኖም ዝነበሩ ቈልዑ ብዝለዓለ ደረጃ ዝጥቅዕሉ ተነጽሎን ኣድልዎን ምስ እዚ ሕማም እዚ ዝተኣሳሰር ኢዩ። ከም ኣብነት ክጥቀስ ዝከኣል ድማ ወለዶም በዚ ሕማም ዝሞቱ ቈልዑ ብዳርባ እምኒ ዝህረሙ ኢዩ።

3. እንታይ ዓይነት ተነጽሎ ኣሎ፧

   ተሰከምቲ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ኰይኖም ዝነበሩ ሰባት ዝገልጽዎ ፍርሒ፡ ሕፍረት፡ ቅድመ ፍርዲን ምንጻግን ምስ እዚ ሕማም ተኣሳሲሩ ዝርአ ኣድልዎን ምኺኖም ኢዩ።

4. ንምንታይ ኢዩ ኣንጻር ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ተነጽሎ ዘሎ፧

   ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንሂወት ዝፈታተን ሕማም ኢዩ። እዚ ከኣ ኢዩ እቲ ዝዓበየ ፍርሒ ሰባት ምስኡ ዝተኣሳሰር ግብረ መልስን። ብካልኣይ ደረጃ እውን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ምስ እቶም ብሕብረተ ሰብ ዘይዝረበሎም ብነውሪ ዝፈልዮምን ኣርእስትታ፣ ንኣብነት ሰባት ብጉዳይ ጾታዊ ርክብ ምፍጻምን ብዛዕብኡ ክዛረቡን ምድላይን፣ ኢዩ ዝተኣሳሰር።

5. እዚ ኣገዳስነት ኣለዎ ዲዩ፧

   እወ። ንምቕያር ኣንፈት እዚ ምልባዕ ዝዓበየ ዕንቅፋት ኰይኑ ዘሎ ተነጽሎን ኣድልዎን ኢዩ። እንድሕር ሰባት ዝንጸሉን ኣድልዎ ዘጋጥሞምን ኰይኑ መርመራ ከካይዱን ሕክምናዊ ኣገልግሎት ክረኽቡን ዝህልዎም ተገዳስነት ትሑት ኢዩ። ሓደ ሕብረተ ሰብ ኣብ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ፍሉይ እምነት እንድሕር ኣለዎ ክሳብ ክንደይ ሰባት ናብ ሕክምና ይመላለሱ እውን ሓደ መረዳእታ ኢዩ። ተነጽሎ ሱር ክሰድድ ከሎ ሰባት ብዝለዓለ ንኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ክነጽግዎ ይጀምሩ። ምስዚ ህዋስ ዝተኣሳሰሩ ብዙሓት ኣሉታዊ ሓሳባትን መልሰ ተግባርትን ኣብ ዝህልዉሉ ዋላ ሓደ እኳ ብዛዕብኡ ክሓስብ ኣይደለን ኢዩ። እዚ ከኣ ነቲ ህሉው ኣንፈት ንምልዋጥ ዝግበርን ኹሉ ዝካየድ ጻዕርታትን ትምህርቲ ዕንቅፋት ኢዩ።

6. ተሰከምቲ ኤች.ኣይ.ቪ ካብቲ ካልእ እንተ ፈለናዮም፣ እቲ ምልባዕ ደው ኣይብልን፧

   ኣይፋል። እዚ ዓይነት ግሉጽ ኣድልዎ ከኣ እሞ ዝለዓለ ተነጽሎ ኢዩ ዘስዕብ። በዚ ምኽንያት ከኣ ዋላ ሓደ እኳ መርመራ ክገብር ኣይተብዕን ኢዩ። ሓደ እኳ ብዘይ መርመራ ኣብ ኤች.ኣይ.ቪ ዘለዎ ኩነታት ክፈልጥ ስለ ዘይክእል፣ መስርሕ መርመራ ኣብ ዝቋረጸሉ እዚ ሕማም ንክልሕም ዘሎ ዕድል ይድንፋዕ ማለት ኢዩ።